# ናይ ኤርትራውያን መርገጽ ኣብዚ ህልዊ ፖለቲካዊ ሃዋህው ቀርኒ ኣፍሪቃ እንታይ ክኸውን ይግባእ?

## ኦዲተራያላዊ መልእኽቲ ዛራ ሰላም ሜድያ

ዛራ ሰላም ሜድያ ብዛዕባ ውሽጣዊ ኤርትራዊ ምምቕቓላትን ፖለቲካዊ ፍልልያትን ባእስን ዘይ ጸጊዓዊ መርገጽ ከምእትሕዝ እዉጅን ንጹርን እዩ። እንተኾነ ግን ኣብ ሃገራዊ ልዑላውነትን ኤርትራዊ ነጻነትን ኣብ ክብሪ ስዉኣት ኤርትራን ዝምልከት ንጹርን መትከላውን መርገጽ ከም እትሕዝ ነረጋግጽ። *እዚ ኣብ ከባቢ ኤርትራ ዘሎ ዞባ ተኸሲቱ ዝርከብ ፖለቲካዊ ውጥረት ናብ ኲናት ዝማዕበለ ህሞትን ሃዋህውን ናይ ሃገራውን ልዑላውነትን ሃገራዊ ነጻነትን ጉዳይ እዩ። ብሓጺሩ ክግለጽ እንከሎ ህላዌ ሃገረ ኤርትራ ዝምልከት ኩነታት እዩ።* ስለዝኾነ ድማ ንሃገራዊ ልዑላውነትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ነጻነትን ክብሪ ስዉኣት ኤርትራን ብዝምልከት ዘየወላውል ንጹር መርገጽ ንሕዝ።

ኣብዚ ብቕልጡፍ ዝምዕብልን ዝለዋወጥን ዘሎ ውዑይ ተባራዒ ኩነታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዝምልከት ዛራ ሰላም ሜድያ መርገጻ ከተነጽርን ንኤርትራውያን ኣብ ልዕሊ ሃገራዊ ልዑላውነትን ሃገራዊ ነጻነትን ሓደገኛነቱ ብዝተኻእለ ከተብርህ ግድነታዊ ግቡኣን ሓላፍነታን እዩ።

እዚ ተተኺስን ተባራዕን ባህርያት ዘለዎ ፖለቲካውን ናይ ውግኣውን መድረኽ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተኸሲቱ ዘሎ ሃለዋት ነቶም ዝተጠቕሱ ማእከላዊ መትከላትና ስለ ዘሰግእን ዘፍርሕን መርገጽና ብንጹር ንኣንበብትና ብሓፈሻ ንኤርትራውያን ድማ ብፍላይ ከነረጋግጽ ናይ ግድነት ይኸውን።

## 1. ሓፈሻዊ ርእይቶ ኣብቲ ዞባ ዘሎ ግርጭታዊ ሃለዋት

ብታሪኻዊ መነጽር ብፍላይ ከኣ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሱዳንን ብምትኳር ክርአ እንከሎ ንነዊሕ ግዜ ብውሽጣዊ ግርጭታትን ደጋዊ ውግኣትን ዝተዋሕጠ ዞባ ምኳኑ እዩ ዘርእየና። ነቲ ናይ ኤርትራን ኤርትርዋያንን ግቡእ መርገጽን ስጉምትን እንታይ

ክኸውን ኣለዎ ዝብል ሕቶ ቀድሚ ምምላስ ነቲ ዞባ ዝጸልዉን ዝገዝኡን ታሪኻውን ግዝያውን ረቛሒታትን ተለዋውጥነትን ክምርመር ይግብኦ።

ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብውሽጣዊ ውጥረታትን ከበድቲ ሽግራትን፣ ተለዋወጥቲ ፖለቲካዊ ዝምድናታትን ምሕዝነታትን ጽምዶታትን ናይ ወጻኢ ኢድ ምትእትታዋትን እዩ ዝግለጽን ዝልለን። *ብታሪኻዊ ፖለቲካውን ምግልሒ መነጸር ክርአ እንከሎ እቲ ቦታ ወትሩ ብውሽጣዊ ጎነጻትን ግርጭታትን ኩናታትን እዩ ክሓልፍ ጸኒሑ።*

ኤርትራን ኢትዮጵያን ሱዳንን ነፍሲ ወከፈን ብተሞክሮ ናይ ውግኣትን ፖለቲካዊ ምፍንጫላትን ናይ ወጻእተኛታት ኢድ ምትእትታውን እየን ሓሊፈን።  እዚ ተርእዮታት እዚ ድማ ኣብዚ ግዜ እዚ ብሓዱሽ ዝምድናታትን ወይ ጽምዶታትን ብዝለዓለ ጥርዚ ዝግለጽ ሓደገኛነት ይቕጽል ኣሎ።

- ኤርትራ፣ ብታሪኻዊ ዓይኒ ክርአ እንከሎ ብግብጺን ቱርክን ጥልያንን ዓባይ ብሪጣንያን ኢትዮጵያን ዝተገዝአት ሃገር ምዃና ይፍለጥ። ኤርትራ ንሃገራዊ ነጻነት ጸረ መግዛእቲ ንሳላሳ ዓመታት ዝኣክል መሪር ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዳ እያ። ድሕሪ ነጻነት ድማ ምስ የመን ንደሴት ሓንሽ ብምሓዛ ፣ ምስ ጁቢቲ ብናይ ዶብ ምስሕሓብ ፣ ብኣዕናዊ ዝኾነ ኩናት ምስ ህወሓት ዝመርሖ መንግስቲ ኢህወደግ ኢትዮጵያ ኣሕሊፋ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ድማ ዋላ ብደረጃ መንግስቲ ብዕሊ ኣፍልጦ ዘይሃበትሉ ትኹን ኣብ መንጎ ብፕራይም ሚኒስተር ዝምራሕ ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትይጵያን ትግራይን ዝተኻየደ መሪር ኩናት ተኻፋሊት ነይራ እያ።

- ኢትዮጵያ፣ ዋላ ካብቲ ብናይ ጥልያን መግዛእቲ እንተ ጀሚርና ርኢናዮ ምስ ሶማልያ መሪር ኩናት ኣካይዳ። ኣብ ልዕሊ እቲ ምስ ሰውራ ኤርትራ ዝሓለፈቶ ውግእን ናይ ብናይ ባድመ ኩናት ዝልለ ምስ ኤርትራ ዘካየደቶ ኩናትን ብቐጻሊ  ብውሽጣዊ ብረታዊ ጎንጽታትን ግርጭታትን ከም ናይ ኦሮሞ ሓርነት ግንባር ኣብ ኦሮምያ ፣ ገና ቀጻሊ ዘሎ ከቢድ ጎነጽ ምስ ናይ ዞባ ኣምሓራ ብፋኖ ዝፍለጥ ሓይሊን ማእለያ ዘይብሉ ናይ ሰብ ህልቀት ዝነበሮ ምስ ትግራይ ዘካየደቶ ኩናታት ይርከቦ።

- ሱዳን፣ ሱዳን ድማ ናይ ዓሰርተታት ዓመታት ውሽጣዊ ነቲ ምፍላይ ናይ ደብብ ሱዳን ዘስዓበ ግርጭታትን ውግኣትን ኣሕሊፋ። ከምኡ እውን ብናይ ዳርፉር ዝፍለጥ ሰሜናዊ ኩናትን እዚ ሕጂ ዘሎ ኣብ ውሽጢ ካርቱም ከይተረፈ ዝካየድ

ዘሎ ምስ ቅልጡፍ ሓይሊ ዝፍለጥ ተሕልፎ ዘላ ኣሰቃቒ ስደት ዘሰዓበ ኩነታትን ምስ ኢትዮጵያ ዘለዋ ናይ ዶብ ግጭታት ተዋሒጣ ትርከብ።

ኣብዚ እዋን እዚ ድማ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዘይምርግጋእ ናብ ምሉእ እቲ ዞባ ተጋፊሑን ተጋዲዱን ይርከብ። ናይ ትግራይ ሓይልታት ምስ ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ቀጻሊ መሪር ውግእ ኣትያ ትርከብ። ናይ ኦሮሞ ብሄራዊ ተቓውሞ ሓይልታት ጌና ኣብ ንጡፍ ብረታዊ ቃልሲ ይርከቡ ። ናይ ኣምሓራ ፋኖ ብረታዊ ሓይሊ ካብ ፈደራላዊ መንግስቲ ቦታታት ኣብ ምሓዝን ወታሃደራትን ዕጥቅን ኣብ ምምራኽን ይርከብ። ብተወሳኺ ድማ ኣብ መንጎ ትግራይን ኤርትራን ናይ ኣምሓራ ፋኖን ካልኦትን ወተሃደራዊ ዝምድናታትን ጽምዶታትን የቑሙ ከም ዘለዉ ጸብጻባት ይሕብሩ። ሱዳን እውን ብሰንኪ'ቲ ምስ መንግስቲ ኢትይዮጵያ ዘለዋ ጸኒሕ ግርጭት ናብቲ ጽምዶ ትዛዙ ከም ዘላ ሓበሬታት ይወጹ ኣለዉ።

## 2. ባህራያት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝዝምቢ ዘሎ ሓደጋ

እዚ ናይ ሕጂ ገንፊሉ ዘሎ ብረታዊ ጎንጽታትን ውግኣትን ዘይ ከምቲ ዝሓለፈ ግርጭታት ንናይ ኤርትራ ልዑላዊ ህላውነትን ሃገራዊ ነጻነትን ኣስጋኢ እዩ።

- እቲ ዘይተፈትሐ ናይ ዶብ ጉዳይ፥ እቲ ኣብ ሄግ ዝተወሰነ ብናይ ባድማ ውግእ ዝፍለጥ ኩናት ናይ ዶብ ምሕንጻጽ ብኢትዮጵያ ኣይተተግበረን።
- ተጋላባጢን ተለዋዋጥን ናይ ፖለቲካ ትሕዝቶ፥ ካብ መጀመርትኡ ጀሚሩ ኣብ ኢትዮጵያ ብዘይካ ናይ ትግራይ ህወሓት ናይ ኤርትራ ሃገራዊ ነጻነት ዝኣምንን ዝቕበልን ሓይሊ ይኹን ውድብ ወይ ሰልፊ የለን። ፕራይም ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድ ኣብ 2019 ነቲ ናይ ሄግ ናይ ዶብ ምሕንጻጽ ውሳኔ ከም ዝቕበሎ እኳ መግለጺ ሂቡ እንተ ነበረ እቲ ምሕንጻጽ ኣብ ባይታ ኣይተተግበረን። ኣብዚ ግዝያት እዚ ኽኣ ቃንኡ ቀይሩ ናይ ኢትዮጵያ ስፍሓትን 130ን ሚልዮን ብዝሒ ህዝብን ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ምህላው መሰል ክህልዋ ከም ዝግባኣ እዩ ዝገልጽ። እዚ ኽኣ ወይ ብፍቶት ወይ ብሓይሊ ክትግበር ምኳኑ ድማ የስምረሉ። ሓያሎ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያ ብግሉጽ ዓሰብ ንዓኣቶም ከም ትግባይ ይዛረቡ። ጀነራላቶም ድማ ብወግዒ እቲ ዝነበረ ረፈረንደም ጌጋ ከም ዝነበረን መንግስቲ ኢህወደግ ብፍላይ መለስ ዜናዊ ንኤርትራ ኣሕሊፉ ከም ዝሃባን ይገልጹ። ብቐጻሊ እውን እቲ ሕጂ ኣብ ትግራይ ኣትዩ ዘሎ ሓይሊ ኢትዮጵያ ናብ ዓሰብ ክግስገስ ምኳኑ ዓው ኢሎም ይዛረብሉ ኣለዉ። ገሊኦም እውን ብቕጥታ ንኤርትራ ዳግማይ ወራር ኣክይድካ ዳግመ ኣካል ኢትይጵያ ናይ ምግባራ ትንተና ዘቕርቡ ውሑዳት ኣይኮኑን።

- ***ወታሃደራዊ ምድላውን ምውጥዋጥን፣ ኣቢይ ኣሕመድ ብቕሉዕ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ቀይሕ ባሕሪ ኣፍደገ ከም ዘድልያን እንተ ብፍቶት እንተ ብግዲ ከተግብሮ ምዃኑ መግለጺታት ይህብ። ናይ ባሕሪ ሓይሊ የማዕብልን ምስ ካልኦት ሃገራት ከም በዓል ፈረንሳ ኣብ ውዑል ይኣቱ። ላዕለዎት ናይ ፖለቲካ ኣማኸርትን ወታሃደራዊ መራሕትን ሰገጥ ከይበሉ ንኤርትራ ኣብ ሓጺር ግዜ እንደገና ግዝኣት ኢትዮጵያ ክገብርዋ ከምዝኽእሉ ይምድሩ። እቶም ኣብዚ ግዜ'ዚ ምስ መንግስቲ ኣቢይ ኣሕመደ ወጊኖም ኣማኸርቲ ኮይኖም ዝርከቡ ከም በዓል ጻድቃን ዝኣመሰሉ ተጋሩ ድሕሪ ናይ ባድመ ውግእ ንኤርትራ ዳግመ ጎበጣ ተገይሩ ኣካል ናይ ኢትዮጵያ ዘይተገብረት ካብቲ ናይ መለሰ ዜናዊ ዝመርሖ መንግሲቲ ዘፈንጨሎም ምኽንያታት እዩ ነይሩ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ድማ ብታሪኻዊ መነጽር ክርአ እንከሎ ብዘይካ ህወሓት ናይ ኤርትራ ሃገራዊ ነጻነት ዝቕበል ውድብ ወይ ሓይሊ ወይ ሰልፊ የለን።***

*መስረቲ ዛራ ሰላም ሚድያ ነቲ ኣቐዲሙ ብናይ ኤርትራ መንግስቲ ኣብቲ ኣብ መንጎ ትግራይን ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝተኻየደ ደማዊ ኲናት ምስ ፈደራላዊ መንግስቲ ወጊኑ ዝኣተወሉ ስጉምቲ እኳ እንተዘይ ደገፍዎ እዚ ናይ ሕጂ ዘንጸላሉ ዘሎ ሓደጋ ፍሉይ እዩ ኢሎም ዝመዝኑን ዝኣምኑን። እዚ ዝተወሰነ ናይ ዶብ ባእስን ግርጭትን ዘይኮነስ ኣብ ልዕሊ ልዑላውነትን ሃገራውነትን ኤርትራ ቀጥታዊ መጥቃዕቲ እዩ ኢሎም ይኣምኑ።*

## 3. እሞ'ኸ ደኣ ናይ ኤርትራውያን መርገጽ እንታይ ይኹን?

*ኣብ ትሕቲ እዚ ህጹጽን ዓቢ ኣገዳስነት ዘለዎ ናይ ጂኦ ፖለቲካ ሃለዋት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኤርትራውያን ኣብ ናይ ሓደ ምክልኻል መስመርን መሰርዕን ጠጠው ክብሉ ይግባእ።*

***ነዚ ዝስዕብ ርእይቶታት ድማ ነቕርብ፡***

***ሀ. ብሕግደፍ ዝካየድ ዘሎ ጽምዶታት ዕላውን ግሉጽን ክኸውን***

***ዛራ ሰላም ሚድያ ነቲ ብህግደፍ ተወሲዱ ተባሂሉ ዝቀርብ ዘሎ ጸብጻባት ናይ ምክልኻል ስትራተጂካውን ዲፕሎማስያውን ስጉምታት ትቕበሎ። እንተኾነ እዞም ናይ ጽምዶ ምሕዝነታት ግሉጽነት ብዘለዎ መንገዲ ክካየዱ ይግብኦም። ብዘይ ንጹር መግለጺታት ዝውሰዱ ስጉምትታት ነቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደ መርገጽ ንኸመጽእ ሓጋዚ ኣይኮነን። እቶም ቀንዲ ኣባላትን ሰዓብትን ህግደፍ እኳ ብዕሙት እንተ ተቐበልዎ እቶም ኣብቲ ሰልፊ ዘየለውን ነጻ መርገጽ ዝሕዙን ግን ስለምንታይ ዝብል ሕቶ ከልዕሉ ባህርያዊ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ስትራተጂካዊ ምሕዝነታትን እቲ***

ዘንጸላሉ ዘሎ ሓደጋን ብንጹር ገሊጹ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ናይ ሃገረ ኤርትራ ምክልኻል ኣርማ ከዕስሎ ይግባእን ይኽእልን እዩ።

ለ. ክብሪ ሰዉኣትና ብሓድነትና

እቲ ዝለዓለ መርኣያ ናይ ሰዉኣትና ነታ ሂወቶም ከፊሎም ኣምጺኦም ብምውሓስ ዘረከቡና ሃገራዊ ነጻነት ምክልኻል እዩ። ሃገራዊ ነጻነትን ልዑላውነትን እንዳ ተደፍረ እንከሎ ብናይ ፖለቲካዊ ፍልልያትን ዘይምቅዳውን ምኽንያት ኣብ ሓደ መርገጽ ዘይምጥርናፍ ንዝኽሪ ሰዉኣትና ኣኽብሮት ምኽላእ እዩ። ኤርትራውያን ዜጋታት ምስ ሕሉፍ መርገጻትን ፖሊሲታትን ስጉምታትን መንግስቲ ኤርትራ ይሰማምዑ ኣይሰማምዑ ብዘየገድስ እቲ ብፖለቲካ ንካትዖን ንፈለለዮን ዘሎና ነጻ ሃገረ ኤርትራ ስለ ዘላትና ምዃኑ ክዝክሩ ይግባእ። ሃገረ ኤርትራ እንተዘይትህሉ ናይ ፖለቲካ ፍልልይ ይኹን ክትዕን ክህሉ ኣይምተኻእለን።

ኣብ ርእሲ'ዚ ኣገልግሎትን ዝተኸፍለ ዋጋታትን ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ዝነበረ ውግኣት ዝሰምዑ ናይቲ ዝተኸፍለ ዋጋ ምንእእስ ቅቡል ኣይኮነን። እቶም ዋጋ ዝኸፈሉ ሰራዊት ናብቲ ውግኣት ኣትዮም ክውፈዩ እንከለዉ ንሃገሮም ኤርትራ ይከላኸሉ ከምዘለዉ ስለ ዝኣመኑ እዮም። ዝኾነ ኣካል ነቲ ልቦና ናይቶም ናብቲ ውግእ ዘእተውዎም መሪሕነት ክቃወሞን ኣብ ሕቶ ምልክት ከእትዎን ይኽእል እዩ። ነቲ ኩሉ ይንኣስ ይዕበ ክሳዕ ብኣካላቶም ሰንከልናን መስዋእትን ዝኸፈልዎ ዋጋ ግን ናይ ግድን ከነኽብሮ ይግባኣና።

## 4.ስትራተጂካዊ ሚዛን ናይዚ ዞባዊ ምሕዝነታት

- ምስ ትግራይ፣ እቲ ሕጂ ጽምዶ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ምሕዝነት ንናይ ሕጂ ጂኦ ፖለቲካ ተደላይነትን መኸሰብን ተባሂሉ እኳ እንተ ተመስረተ ነባሪ ጠቕምታት ንኽልቲኡ ማለት ንትግራይ ኤርትራን ክውዕል ይኽእል እዩ። ንትግራይ ካብ ብጻላእታ ፍጹም ክባ ከድሕና እንከሎ ንኤርትራ ድማ ኣገዳሲ ዝኾነ ካብ ናይ ኢትዮጵያ ሕልምታትን ሰግኣትን ናይ ምክልኻል ቦታዊ ድርዒ ክፈጥረላ ይኽእል እዩ። ስለዚ ቀዋሚ ናይ ምግባሩ ፈተነ ክካየድ ይግባእ።
- ምስን ናይ ኣምሓራ ፋኖ፣ ምስ ዝኾነ መሰረታዊ ስትራተጂካዊ ብዝኾነ ናይ 1993 ናይ ረፈረንደምን ናይ ኤርትራ ሃገራዊ ነጻነትን ሕጋውነት ዘይቅበል ሓይሊ ስትራተጂካዊ ምሕዝነት ወይ ጽምዶ ክትኣቱ ብባህርያቱ ተሃዋስን ንነዊሕ ወይ ንነባሪ ግዜ ክትዕቅቦን ኣጸጋሚ እዩ። እዚ ምሕዝነት'ዚ ኣዝዩ ጠቓሚ ታክቲካዊ ግዝያዊ ድምዶ ምዃኑ ተረዲእካ ብጥንቃቐን ብዓይኒ ጠርጠራን ክተሓዝን ክቕጽልን ይግብኦ ንብል። ብዝተረፈ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብይ ኣሕመድ ዝመደቦ ብህርፋን ዓሰብ ምሓዝን ወደብ ምውናንን ኣፍደገ ቀይሕ ባሕሪ ምሓዝን ባህጊ

ምሉእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ጎኑ ኮይኑ ክወርር ስትራተጂ ከምዘይሰልጥ ገይሩ ዘሎ ኣገዳሲ ጽምዶ እዩ።

- ምስ ሱዳንን ግብጽን፡ ሱዳን ኣብ ሕሱም ግዜ ቃልሲ ሰውራ ኤርትራ ምስ ውድባት ጠጠው ዝበለትን ንስደተኛታት ኤርትራ ንነዊሕ ግዜ ዘዕቀበትን ታሪኻዊት መሓዛ ህዝቢ ኤርትራ ምዃና ታሪኽ ብሰነድ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። እንተ ኾነ ከም ወትሩ መርገጻት እታ ሃገር ምስ ምቅይያር መሪሕነት መንግስቲ ክቀያየር ይኽእል ምዃኑ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ። እዚ ሕጂ ዝርአ ዘሎ ናይ ግብጺ ምስ ኤርትራ ዘሎ ምሕዝነት በቲ ምስ ኢትዮጵያ ናይ ናይ ፈለግ ናይልን ናይ ሓጽብን ዘለዋ ውጥረት ዝተደረኸ እዩ ዝመስል። ስለ ዝኾነ ድማ እቲ ምስ ኢትዮጵያ ዘለዋ ወጥሪ ምስ እትፈትሖ እቲ ምሕዝነት ክቕየር ተኽእሎ ኣለዎ። ስለዚ ብግቡእ ተጠቒምካ ታክቲካዊ ጌርካ ምርኣዩ ይሓይሽ።

ዋላ እኳ እዞም ዝተጠቕሱ ሰንኮፋት እንተሃለዎም ኣብዚ መድረኽ እዚ ጥንቁቕን ዉሕሉልን ምሕዝነታት ምፍጣር ኣገዳሲን ጠቓምን ኣድላይን ናይ ወራርን ተጻብኦን ምክልኻል መናወራ እዩ። *እንተኾነ ግን እቲ ነባርን ዝለዓለን ዘይብተኽን ውሕስና ናይ ልዑላውነትና ንሕጂ ይኹን ንሓዋሩ ዘይነቓንቕ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ጥራሕ እዩ።*

*መደምደምታ*

*ዛራ ሰላም ሚድያ ቀንዲ ማእከል መልእኽትና መሰረቱን ሱሩን ናይ ኤርትራውያን ንሰላም ምጽዋዕ ኮይኑ ነንሕድሕድካ ጽን ኢልካ ብኣኽብሮት ምስማዕ እዩ ዝጅምር። ብዛዕባ ውሽጣዊ ምሕደራን ኣመሓዳድራን ፖሊሲን ስጉምትን ብግቡእ ክንፈላለን ክንካታዕን ዘይክንሰማማዕን ንኽእል ኢና።* ***ንሀላዌን ቀጻልነትን ሃገረ ኤርትራ ዝምልከት ሓደጋ ግን ኣብ ነንሕድሕድና ክንምርኮሰን ክንሰምርን ናይ ግድን እዩ።*** ኤርትርዋያን ነንሓድሕድና ከም ተጻባእቲ ካብ ምርኣይ ፈጺምና ብምውጻእ ነንሕድሕድና ዝተፈላለየ ኣብዝሓ ፖለቲካዊ ርእይቶታ ዘሎና ደቂ ሓንቲ ሃገር ምዃና ክንኣምን ይግባኣና። ኣኽብሮት ብዘለዎ ቀጻሊ ርኽኽብን ዝርርብን ብምርግጋጽ ልዑላውነትን ሃገርዊ ነጻነት ሃገርናን ኣብ ሓደጋ ኣብ ዝወድቀሉ ግዜ ብቐሊሉ ኣብ ሓድነት መጺና ክንከላኸል ዘኽእል ጽርግያ ንመድምድ።

*ኣብ ሓደ ብዘይ ምምጻእ ነታ ንፈትዋ ሃገርና እንተ ኣጥፋእናያ ተሓተቲን ተሰከምቲ እቲ ታሪኻዊ ሰንፍናን ንሕና ስለ እንኸውን ነቲ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ፍልልያትና ክንውግን ብዘይ ምኽኣልና ነቶም ሂወቶም ከፊሎም ሃገር ዘውሓሱና ጀጋኑና ዝግባእ ክብሪ ከም ዝኸላእናዮም ንቑጸር።*